


## ብሓባር ንምዕባለ ህጻናት – Ensemble pour le bien des enfants

ቤት ትምህርቲ ምስ ወለዲ ኮይኖም ንመንእሰያት ኣብ ምምሃርን መምርሒታት ኣብ ምሃብን ብሓባር ኮይኖም ይሰርሑ። እዚ ሽርክነት ኣብ መሰረታዊ ዝኾነ ሕግታት ዝተመስረተ ኮይኑ ብኹሉ ደቂ ሰብ ዝተሓለወ ኢዩ። ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ 1962 ሕጊ ቤት ትምህርቲን (la Loi scolaire) ዓንቀጻትን ተቐይደን ይኸዳ። እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ብካንቶን ይምርሓ፡ ኮሙዩን ግን ርእሱ ዝኸኣለ ኢዩ። መምህራንውን ኣብቲ ዝኽተልዎ ኣገባብ ኣመሃህራ ምሉእ ናጽነት ኣለዎም።

ሓደ ትካል ቅድሚ ከም ሓደ ዝተሓላለኸ ኣሰራርሓ ዘለዎ ኮይኑ ምርኣዩን፡ ግዴታን ግቡኣትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ትካል ምግላጹን፡ FRAPEV- ፌደረሽን ሮሞ ማሕበር ስድራቤትን ተማሃሮን ቫሌ, SPVal- ሕብረትሰብ ስነ ኣማሃህራ ቫሌ, AVECO ማሕበር መምህራን ሲክል ቫሌ et DFS - ደፓርትመንት ስልጠናን ጸጥታን፡ እዞም ክንጠቅሶም ዝጸናሕና ቤት ጽሕፈታት፡ ኩሎም መሻርኽቲ ዝኾኑ ትካላት፡ ኣብያተ ትምህርቲን ብስኒት ንኽነብሩ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ሕግታት ብንጹር ይገልጹ።

እዚ ኣብዚ ብሮሹር ተገሊጹ ዘሎ ትሕዝቶ ነቲ ኣብ መስርሕ ዘሎ ሕግታት ኣይትክኣን ኢዩ። ኣገልግሎቱ ግን ከም መወከሲ ሕግታት ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ዝኾነ ሓደ ቀያዲ ኣሰራርርሓ፡ ኣብ መንጎ ስድራቤታትን ኣብያተ ትምህርቲን ንኽህሉ ይሕንጽጽ። ሰበ-ስልጣን ኣብያተ ትምህርትን መምህራንን ካብ ወለዲ ዝልዓል ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህሉ፡ ምሉእ ሓበሬታ ክህቡ ይግባእ። ብተወሳኺ ንኹሉ ቀረባት ዝምልከት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተጻሒፉ ይርከብ። እዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ናይ መንግስቲ ቫሌ ክንውከስ ንኽእል። (https://www.vs.ch/web/se/ecole-famille).

ብምትሕብባር ሲቪላዊ መንግስቲን ወጻእተኛታትን (l'état civil et des étrangers) ቤት ጽሕፈት ኣዋሃህዳ ስደተኛታትን እዚ ሓድሽ ትርጉም ናብ ብርክት ዝበሉ ኣብዚ ካንቶን ቫሌ ዝዝረቡ ቋንቋታት ተተርጒሙ ይርከብ።

እምበኣር ጽቡቕ ኣፍልጦ ቋንቋ ናይቲ ንነብርሉ ከባቢ ክህልወና ኣገዳሲ ኢዩ። እዚ ከኣ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ዝተፈላለዩ ትካላት ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ኣብያተ ትምህርቲ ብቀሊሉ ንኽንርዳእ ይሕግዘና። እዚ ኣተሓሒዝና ንስደልኩም ወረቐት ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ዝሓዘ ኮይኑ ብፍላይ ከኣ ንስደተኛታት ዝኾኑ ወለዲ የገልግል። ስለዚ ወለዲ ብዝበለጸ ንውላዶም ኣብ ትምህርቲ ክሕግዝዎ/ዋ ከምኡውን ኣብ መጻኢውን ኣብቲ ዝገብሮ ሞያዊ ምርጫን ትምህርቲን ምሉእ ደገፍ ክገብሩሉ/ላ ይግባእ።

ሓደ ጸቂጥና ክንርእዮ ዘለና ጉዳይ ከኣ፡ ኣብ ሃገረ ስዊዝ ማዕርነት ኣብ ሞንጎ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር ኢዩ። እምበኣር ክልቲኦም ወለዲ ኣብ መንጎ ስድራቤትን ቤት ትምህርትን ክህሉ ዘለዎ ዝምድና ብስሩዕ ክንጥፍሉ ዘለዎም ጉዳይ ኢዩ።

## ቅርጺ ቤት ትምህርቲ – Structure de l'école

መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ ንሸምንተ ዓመት ኣቢሉ ይኸይድ።ንሳቶም ከኣ ካብ 1ይ ኣክሞስ(1H) ክሳብ 8ይ ኣክሞስ (8H)ኢዮም። እዚ ኣክሞስ (Harmos ) ዝብል ስም ንኹለን ኣብያተ ትምህርቲ ግዴታ ስዊዝ፡ ውህደት ንክህልወን ተባሂሉ ዝተዳለወ ኢዩ። እዞም መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ደረጃ ዝተመቐሉ ኢዮም። ንሳቶም ከኣ፡ 1 (1H ክሳብ 4H) et 2 (5H ክሳብ 8H) 3 ሲክል ን ሲክል ድ ኦርየንታስዮን( Cycle d'orientation) የመልክት። ንሰለስተ ዓመት ከኣ ይኸይድ (9CO ክሳብ 11CO)ኢዮም።





## መባእታዊ ቤት ትምህርቲ – L’école primaire (EP)

| | | |
|---|---|---|
| **Cycle 1** | 1H - 2H | እዘን ፈለማ ክልተ ዓመት ግዜ ትምህርቲ ሓደ ቆልዓ ግዴታ ክመሃረን ኣለዎ (ቤት ትምህርቲ ህጻናት ተባሂለን ዝፍለጣ ዝነበራ እየን)<br>ሓደ ህጻን ክሳብ 31 ሓምለ 4 ዓመት እንተደኣ መሊኡ ትምህርቲ ህጻናት ክጅምር ይኽእል። ብዛዕባ ምዝገባ ዝምልከት ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ንኮምዩንኩም ተወከሱ። ተማህሮ 1ይን 2ይን ኣክሞስ ኣብ ሓደ ክፍሊ ይመሃሩ። 1ይ ኣክሞስ ፍርቂ መዓልቲ(1H) 12 ግዜ ነናይ 45 ደቂቕ,<br>2 ኣክሞስ (2H) ግን : 24 ግዜ ነናይ 45 ደቒቕ) ይመሃሩ።. ኣወዳድባ ግዜ ብዞባዊ ኣማሓዳሪ ይውጠን። ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ከኣ ክፈላለ ይኽእል። ብሓፈሻ 4 ፍርቂ መዓልቲ ን 1H et 8 ፍርቂ መዓልቲ ን2H ኢዩ. |
| | 3H - 4H | ግዜ ትምህርቲ 28 ፐርየድ (périodes) ኮይኑ ኣብ 45 ደቒቕን 8 መዓልቲን ዝተመቐለ ኢዩ። ንኣተኣላልያ ተማሃሮ ክጥዕም ተባሂሉ ዘተፈላለዩ ስዓታት ይስራዕ። እዚ ከኣ ብብዝሒ ተማሃሮ ይውሰን። እዞም ተማሃሮ ኣብ ሓደ ሰዓት ዝመሃሩ እኳ እንተኾኑ ግን ዝተፈላለዩ ኣገባባት ይኽተሉ። |
| **Cycle 2** | 5H -6H | ሓደ ሰሙን 32 ፐርየድ (ክፍለ ግዜ) ነናይ 45 ደቂቕ ይሓቁፍ። ንሓገዝ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃ ዘለዉ ተማሃሮ ተባሂሉ ፡ ቋንቋ ጀርመን ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ተመቒሎም ይሰርሑ። |
| | 7H-8H | እዞም 7ይን 8ይን ከኣ 32 ክፍለ ግዜ ነናይ 45 ደቂቕ ይመሃሩ።ንሓገዝ ተማሃሮ ተባሂሉ ን2ይ ቋንቋ ጀርመንን ነቲ 3ይ ቋንቋ ኢንግሊሽን ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ይሰርሑ። |

ንሓደ ሓደ ቀረባት ዝምልከት (ከም መጓዓዝያ፡ መውዓሊ ህጻናት) ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን ፍልይ ዝበለ ኣወዳድባ ኣለወን።ንሳቶም ከኣ፡



ቅርጺ ኣብያተ ትምህርቲ ቫሌ

ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሓላፊ ክፍሊ ይምደበሉ። ካብ ተማሃሮ ይኹን ካብ ወላዲ ዝልዓል ሕቶ ይምልስ። ንዝቕጽል 2 ዓመት ከኣ ከም ሓላፊ ክፍሊ ኮይኑ የገልግል።

- ኣወዳድባ ሰዓታት ምስ ግዜ ትምህርቲ ዝኸዱ ኮይኖም ይስርዑ።
- ምደባ ቤት ትምህርቲ ኣብ መንበሪ ገዛ ግምት ዘእተወ ኢዩ።
    - ሓገዝ ኣብ መጽናዕቲ ዝበሃል ከኣ ተማሃሮ ዕዩገዝኦም ንክሰርሑ ብምምህራን ዝግበረሎም ደገፍ እዩ። ብዳይረክተር ተወዲቦም ብመምህራን ይወሃቡ። እዚ ካብ ናይ ትምህርቲ ግዜ ወጻኢ ይካየድ። እዚ ሓገዝ ንተማሃሮ 2ይን 3ይን ሲክል ዝተዳለወ እዩ።.
    - ሽማግለ ቤት ትምህርቲ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ክነማዕብልን ኣብ ነንሓድሕድና ምክብባር ክህሉን ዕዙዝ ተራ ይጻወቱ። ኩሉ ስርሓቶምውን ምስጢራውነቱ ክሕሎ ብዕቱብ ይሰርሑ።

## ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ – Le cycle d’orientation (CO)

እዚ ደረጃ ትምህርቲ ንሰለስት ዓመት ዝኸይድ ኮይኑ ንተመሃሮ ንመጻኢ ሞያኦም ክመርጹ የዳልዎም። ድሕሪ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ተማሃሮ ናብ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ወይ ከኣ ዝለዓለ ትምህርቲ ይቕጽሉ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ብዘምጽእዎ ውጽኢት ኣብ ክልተ ደረጃ ይምቀሉ። ካብ 9 ክፍሊ ተመሃሮ ቀዳማይንን ካልኣይን ደረጃ ተባሂሎም ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ፈረንሳን ቁጽርን ተፈላልዮም ይመሃሩ። ኣብ 10 ክፍሊ ግን ኣብ ስነ-ፍልጠትን ቋንቋ ጀርመንን ኣብ ክልተ ይምቀሉ። ኣብቶም ካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ግን ብሓባር ይመሃሩ። እቲ ቀዳማይ ደረጃ ጽዕቕ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ ይጥቀም። ነጥቢ ተመሃራይ እንተደኣ ተመሓይሹ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ ምትሕልላፍ ይከኣል።

## Formations subséquentes

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| tertiaire | Brevet fédéral Diplôme fédéral | Ecole supérieure | Haute école spécialisée | Haute école pédagogique | Université et école polytechnique |
| secondaire II | | Maturité professionnelle post-CFC | | Maturité spécialisée | |
| secondaire II | Attestation fédérale de formation prof *(2 ans)* | Certificat fédéral de capacité (CFC) *(3 ou 4 ans)* | CFC+maturité professionnelle intégrée *(3 ou 4 ans)* | Certificat de culture générale *(3 ans)* | Maturité gymnasiale *(5 ans)* |
| | Cycle d'Orientation | | | | |

Plus d'informations détaillées sous www.orientation.ch ou www.vs.ch/web/osp

## ሰዓታት ቤት ትምህርቲ – Les horaires blocs

ኣወዳድባ ግዜ ትምህርቲ ብኮምዩን ይካይድ። ንኹሉ ሰዓታት ቤት ትምህርቲ ማለት ንዓበይቲ ግዜታት ትምህርቲ ብሓባር ይጥርንፍ። ግዜ ትምህርቲ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ ዝተመቐለ ኢዩ። ብዝሒ ናይዘን መዓልታት ምስ ድሌትን ኩነታት ነበርቲን ክፈላለ ይኽእል። ብሓፈሻ ናይ መጀመርታን ናይ መወዳእታን ፍርቂ መዓልቲ ከም ዝሳነዩ ኮይኖም ይስርዑ።

## መኣንገዲ ትሕተ ቅርጺታት – Les structures d’accueil

እዚ ናይ መዓልቲ ኣደ ወይ ከኣ « ማማ ደ ጁኸ ንብሎ » ካብ ውልድ ዝበሉ ህጻናት ክሳብ መባእታዊ ትምህርቶም ዝውድኡ ይቕበል። እዚ ትካል ንወለዲ ኣብ ስራሖምን ኣብ ናብራ





ስድራቤቶምን እተወሃሀደ ግዜ ክህልዎም ይሕግዝ። እዚ ትካል ብርክት ዝበሉ ህጻናት ተቀቢሉ ጽቡቅ ምዕባለ ክህልዎም ኣብ ትምህርቲ ሓገዝ ክረኽቡ ዝከኣኻሉ መዳይ የናዪ። ስድራቤታዊ ኣተሓሕዛውን ይገብረሎም።

እቶም ዝተፈላለዩ ትሕተ ቅርጺ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ነርስሪ: ካብ ውልድ ዝበለ ህጻን ክሳብ 18 ወርሒ ይቕበል። ምሉእ መዓልቲ ከኣ ክፉት ኢዩ። መግቢውን ይወሃቡ።
- ክሬሽ (Crèche) : ካብ 18 ወርሒ ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ይቕበል። ምሉእ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ መግቢውን ይወሃቡ።
- ጋኽደሪ (Garderie) : ካብ 18 ወርሒ ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ይቕበሉ ንፍርቂ መዓልቲ ይክፈት።
    - መጽንሒ ተማሃሮ (Unité d'accueil pour écoliers (UAPE) : ካብ 4 ዓመት ክሳብ መባእታዊ ትምህርቲ ዝውድኡ ኣብዚ ክጸንሑ ይኽእሉ። ዝኽፈተሉ ግዜ ከኣ ካብ ሰዓታት ትምህርቲ ወጻኢ ኢዩ።
    - መዋእለ ህጻናት (Jardin d'enfants) : ካብ 3 ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ይቅበል። ንፍርቂ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ መግቢ ግን የብሉን።
    - Halte-garderie : ካብ 2 ክሳብ 8 ዝዕድሚኦም ህጻናት ይቕበል። ዝኽፈተሉ ግዜ ፍርቂ መዓልቲ ኢዩ። ቦታ ምሓዝ ኣየድልይን ። መግቢውን የብሉን።

ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ትሕተ-ቅርጺ ብኮምዩን ዝተዳለዉ ኮይኖም ባኣላይነት ካንቶን ይመሓደሩ። ንዝበለጸ ሓበሬታ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ኢንተርነት ተወከሱ። https://web.vs.ch/web/scj/secteur-petite-enfance

## ሓፈሻዊ ፕሮጀክት ትምህርቲ ንተማሃሮ ፐ.እ.ኤ.ኸ – Projet global de formation de l'élève dans le PER

« መደብ መጽናዕቲ ሮሞን (Le plan d'études romand (PER) ሓፈሻዊ ዝኾነ ፕሮጀክት ንተማሃሮ የዳሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ተማሃሮ ኣብየናይ ደረጃ ክበጽሑን ክቀስምዎ ዘለዎም ክልሰ ሓሳብን ብዝርዝር የቐምጥ። ንኣብነት (ኣብ 4ይ፡ 8ይ፡ ኣብ 11 ክፍሊ ዓመት ናይ ትምህርቲ ክኸውን ይኽእል።

እዚ ፕሮጀክት ተማሃሮ ብዛዕባ ዘለዎም ብቕዓትን፡ ዝቐሰምዎ ኣፍልጦን ከምኡውን ኣብ ዘምጽእዎ ዕቤትን ይግምግም። እዚ ማለት ከኣ ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ግዴታ ኣብ ሰለስት ደረጃታት መቃቂሉ ይርኢ። ንሳቶም ከኣ፡

ሓሙሽተ ዓይነት ትምህርቲ፦ ቋንቋ፡ ቁጽሪ፡ ተፈጥሮኣዊ ስነፍልጠትን ሕብረተሰባዊ ስነፍልጠት(ሳይንስ) ስነ ጥበብን ምንቅስቃስ ኣካላትን ኢዮም።

**ሓፈሻዊ ስልጠና** (MITIC, ጥዕና፡ንገብሮ ምርጫን ግላዊ ፕሮጀክትን፡ ከመይ ኢልና ብሓባር ንነብር፡ ልምምድ ኣብ ድሞክራሲን ሓድሕዳዊ ምድግጋፍን ኢዮም።

**ጋድማዊ ክእለታት፡** (ምትሕብባር፡ ርክባት ምክያድ፡ ሜላ ኣጸናንዓ፡ ፈጠራኣዊ ዝኾነ ሓሳብ፡ ርእስ ምግምጋም፡ ስጉምቲ ምውሳድን ወዘተ ዝኣመሰሉ ኢዮም።)

**http://www.plandetudes.ch**







ሓደ ጸገም ዘለዎ ተማሃራይ እቲ ፋልማይ ሓገዝ ካብ ስድርኡን መምህራኑን ይረክብ። ፍልይ ዝበለ ሓገዝ ዘድልዮ እንተዳአ ኮይኑ ግን ምስቲ ዘሎ ቀረባት ርኢና ንነፍሲ ወከፍ ህጻን ዝሰማማዕ መደብ ነዳሎ። ንሳቶም ከኣ:-

▶ **መጽናዕቲ ጽሕሪ ትምህርቲ – Les études surveillées** (5H à 11CO)

ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን መጽናዕቲ ድሕሪ ትምህርቲ (études surveillées) ከዳልዉ ይኽእሉ። እዚ ከኣ ሓደ ተማሃራይ ሓደ ክፉል ወይ ኩሉ ዕዮ ገዛኡ ባዕሉ ክሰርሕ የኽእሎ።

እምበኣር ኩለን ኮምዩናት እዚ ዓይነት ሓገዝ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዘየዳልዋ እኳ እንተኾና ብሓፈሻ ግን ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ (CO) እዚ ሓገዝ ይወሃብ።

▶ **መጽናዕቲ ምስ መምርሒታት 5ይ ኣከሞስ ክሳብ ıı ሲክል – Les études dirigées** (5H à 11CO)

መጽናዕቲ ምስ ዝተፈላለዩ መምርሒታት (études dirigées) ሓደ ተማሃራይ ከመይ ኢሉ ዕዮ ገዝኡ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ዘኽእሎ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣሰራርዓ መደባቱን ኣብ ኣጸናንዓ ክጥቀመሉም ዝግቦኡ ሜላታትን ዝሕግዝ ኢዩ። እዚ ሓገዝ ካብ ትምህርቲ ስዓታት ወጻኢ ዝወሃብ ኮይኑ ንውሱን ግዜ ይኸይድ። ምሉእ ዕዮ ገዝኡ ኣብ ገዛ ክሰርሕ ኣይፍቀድን ኢዩ።

▶ **ሓገዝ ኣብ ስነ ኣመሃህራ ካብ ስዓታት ትምህርቲ ወጻኢ 9ይ ክሳብ ıı ስክል – le soutien pédagogique hors du temps de classe** (de 9CO à 11CO)

ሓደ ተማሃራይ ኣብ ሓደ ወይውን ኣብ ብርክት ዝበሉ ዓይነት ትምህርቲ ጸገም ምስ ዘጋጥም፡ ኣብ ልዕል ዝበለ ደረጃ ናይ ምብጻሕ ተኽእሎ ንክህሉ እዚ ዓይነት ሓገዝ(soutien pédagogique) ካብ ስዓታት ትምህርቲ ወጻኢ ይወሃብ። ዕላማኡ ከኣ ነቲ ዘለዎ ሕጽረት ንምምላእ ኢዩ።

▶ **ሓገዝ ኣብ ስነ ኣማሃህራ ቋንቋ ኣደኦም ፈረንሳ ዘይኮኑ ተማሃሮ (3ይ ኣኸሞስ ክሳብ ıı ሲክል) – Le soutien pédagogique pour élèves allophones** (de 3H à 11CO)

እዚ ሓገዝ ንቋንቋ ኣዲኦም ፈረንሳ ዘይኮነ ተማሃሮ (élèves allophones) ዝተዳለወ መደብ ኢዩ። እዚ ሓገዝ ኣብ ስዓታት ትምህርቲ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ዕላማኡ ከኣ ብቐዓት ተማሃራይ ኣብ ቋንቋ ፈረንሳ ንምዕባይ ኢዩ። እዞም ተማሃሮ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ስሩዕ ትምህርቲ ንኸኽታተሉ ይሕግዞም።

ብሓፈሻ እዚ ዓይነት ሓገዝ ካብ ካብ 2 ዓመት ንላዕሊ ኣይከይድን ኢዩ።

ኣብዚ ግዜ ተማሃራይ ነጥቢ ኣይተሓዘሉን።

▶ **ውሁድ ዝኾነ ሓገዝ (ካብ 3ይ ኣከሞስ ክሳብ ıı ሲክል፡ ኣብ ትዕዝብቲ ዘለዎ ተማሃሮ ኣይምልከትን) – L'appui pédagogique intégré** (de 3H à 11CO, à l'exception des Co organisés en classes d'observation)

እዚ ውሁድ ዝኾነ ሓገዝ ፍልይ ዝበለ ኣመሃህራ ዝሓዘን ንውሱን ግዜ ዝኸይድን ኢዩ። እዚ ከኣ ንፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ተማሃሮ ይወሃብ። እዚ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝኽተል ኮይኑ ንጸገም ዘለዎም ተማሃሮ ኣብ ክፍሊ ወይውን ኣብ ካልእ ቦታ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ሓገዝ ይህብ። እዚ ሓገዝ ዝህብ መምህር ምስ ሓላፊ ክፍሊ፡ ምስ ወለዲን ብተወሳኺውን ምስ ካብ ግዳም ዝመጹ ተሓጋገዝቲን ይሰርሕ። እዚ ዝወሃብ ሓገዝ ምስ ድሌታት ተማሃራይ ከምዝኸይድ ንምግባርን ምዕባለኡ ንምፍላጥን ኩሉ ግዜ ገምጋም ይካየድ።

▶ **ሓደ ክፍሊ ምድጋም ካብ 4ይ ኣከሞስ ክሳብ ıı ሲክል) – Le redoublement** (de 4H à 11CO)

ኣብ ሓደ ክፊሊ ምድጋም ንዝተረፈ ተማሃራይ ይምልከት። እዚ ማለት ከኣ እዚ ተማሃራይ ክምጽኦ ዝግብኦ ነጥቢ (ኣብ ማእከላይ ነጥቢ ናይ ቀዳማይ ጉጅለ ወይውን እቲ ሓፈሻዊ ማእከላይ ነጥቢ 4 ኣየምጸኣን ማለት ኢዩ)። ነታ ዓመት ትምህርቲ ክደግማ ይግደድ። እዚ ከኣ ን 2ይን 3ይን ስኪልውን የጠቓልል።





### ▶ ፍሉይ ዝኾነ ሓገዝ – Le programme adapté (de 4H à 11CO)

እዚ ዓይነት ሓገዝ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ እንተ ዘይኣተኣታትዩ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ክከታተሉ ዘጸግሞም ተማሃሮ ዘወሃብ ኢዩ።

እዚ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝጥቀም እምበኣር ንፍቃደኛታት ዝኾኑ ወለዲ ይወሃብ። ፍቃድ ናይ ተቆጻጻሪውን የድልይ። ኣብ ሓደ ሓደ ሲክል፡ ኣብዚ ፕሮግራም ዝሳተፉ ተማሃሮ ኣብ ናይ ትዕዝብቲ ክፍሊታት ተመቃቂሎም ይመሃሩ።

### ካልኦት ሓገዝ ዝህባ ትሕተ ቅርጺታት - D’autres structures de prise en charge

ወለዲ ፍልይ ዝበለ ጠለብ እንተ ኣለዎም ብመንጎኛነት መምህራን ናብ ዲረክተር ኣብያተ ትምህርቲ ሕቶኦም ከቕርቡ ይኽእሉ። እዚ ቤት ጽሕፈት ፍሉይ ቤት ትምህርቲ (L’Office de l’Enseignement Spécialisé (OES) ንስድራቤት ብዛዕባ ንስንክልና ዘለዎም ተማሃሮ ኣገልግሎት ዝህባ ትሕተ ቅርጽታት ሓበሬታ ይህብ። እዞም ትካላት ከኣ እዞም ቀጺሎም ተጠቂሶም ዘለዉ ኢዮም። ፍልይ ዝበለ ሓገዛት ዝህቡ ክፍልታት (classes spéciales), appuis pédagogiques renforcés, ቅድሚ ምያዊ ስልጠና ዝወሃብ ትምህርቲ (classes de préapprentissage) ፡ ኣብ ሓደ ዓውዲ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ማሕበራት (institutions spécialisées)፡ ትምህርቲ ኣብ ዓውዲ ሕክምና (scolarisation en milieu hospitalier) ዝኣመሰሉ ኢዮም።

## ሓላፍነት ወለዲ – Responsabilités des parents

- ወለዲ ምስ ቤት ትምህርቲ ምትሕብባር ክርእዩ ከምኡ’ውን ንሞያ መምህራንን ንሕግታት ቤት ትምህርቲን ከኽብሩ ይግባእ።
- ወለዲ ምሉእ ሓላፍነት ናይ ውላዶም ወሲዶም ኣብ ጽርየት : ስነ-ስርዓት ፡ ቆልዑ እኹል ሰዓታት ኸድቅሱ ከም ዘለዎም ክከታተሉ ይግባእ።
- ወለዲ ኣብ ጠባይ ውላዶምን ኣብ ክፍሊ ዝወሃቦ ስርሓትን ተገዲሶም ክከታተሉ ይግባእ። ብተወሳኺ ኣብ ገዛ ከመይ ይስጉም ከም ዘሎ ክከታተሉ ኣለዎም።
- ወለዲ ብመምህራን ወይ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ዝግበር ኣኼባ ክሳተፉ ይግባእ።
- ወለዲ ብቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ሓበሬታ ክርእይዎ ኣድላይ እንተኾይኑ ክፍርምሉ ይኽእሉ። ሕቶ ምስ ዝህልዎም ክሓቱ ይኽእሉ።
- ተመሃራይ ካብ ገዛ ናብ ትምህርቲ ክኸይድ : ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርትን ድሕሪ ሰዓታት ፍዳሴን ወለዲ ምሉእ ሓላፍነት ናይ ውላዶም ኣለዎም።
- ወለዲ ንውላዶም ናይ ሕደጋ ኢንሹራንስ ይኹን : መድሕን ጥዕና ክእትውዎም ይግባእ። ቤት ትምህርቲ ንተመሃሮ ኢንሹራንስ ወይ መድሕን ህይወት ኣይኣትወሎምን እዩ። ኣብ ግዜ ሓደጋ ብቐጥታ ናብ ናይ ግልኹም መድሕን ህይወት ተወከሱ።
- ዝኾነ ዓይነት ብኩራት ንቤት ትምህርቲ ክሕበር ይግባእ ። ብቁዕ ምኽንያት ክህልወናውን ኣለዎ።
- ወለዲ ብመደባት ኣብያተ ትምህርቲ ተቀይዶም ክኸዱ ይግባእ። ከታልሉ ምስ ዝፍትኑ ግን ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ብተቖጻጻሪ ቤት ትምህርቲ ይብየነሎም።
- ወለዲ ንውላዶም ዕረፍቲ እንተደኣ ሓቲቶም ብዛዕባ እቲ ዝሓለፎ ትምህርቲ ሓላፍነት ወሲዶም ንመምህራን ክሓቱ ይግባእ።





ሓላፍነታት

- ወለዲ ንዘተፈላለዩ ንዋት ቤት ትምህርቲ፡ ንዑደት ተማሃሮን ካልኦት ነገራትን ተሳትፎ ናይ ገንዘብ ይሕተቱ።
- ወለዲ ገዛ ክቕይሩ ከለው ብዝቀልጠፈ ግዜ ናብ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ክሕብሩ ኣለዎም።
- ሓደ ወላዲ ስልጣን ኣላይነት ናይ ውላዱ ዋላ ኣይሃልዎ ፡ ኩሉ ሓበሬታ ብዛዕባ ውላዱ፡ ከምኡውን ብዛዕባ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ይኹን ኣገደስቲ ውሳኔታት ዘድልዮም ነገራት ይሕበር። ብዛዕባ ምዕባለ ናይ ወላዶም ንሳልሳይ ኣካልውን ክውከሱ ይኽእሉ።

## ሓላፍነት ተማሃሮ – Responabilité des élèves

ተመሃሮ ምስ ሓገዝ ወለዶም ክገብርዎ ዘለዉ ነገራት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ሕግታት ቤት ትምህርቲ ምኽባር፡ ከምኡ`ውን ንመምህራንን ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሑ ውልቀሰባትን ብጾቶምን ከኽብሩ ይግባእ። ንዋት ቤት ትምህርቲ ብጥንቃቀ ክሕዙ ኣለዎም።
- ጽሩይ ክዳውንቲ ከምኡ`ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ስነስርዓት ዘለዎ ኣከዳድናን ኣካይዳን ክህልዎም ይግባእ። ኣብ ትምህርቶምን ብሓፈሻ ኣብ ናይ ሓባር ህይወቶምን ተራ ናይ ተመሃራይ ክጻወቱ ይግባእ።
- ዝኾነ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑት ኣብ ቐጽሪ ቤት ትምህርቲ ኣይፍቀድን እዩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ብኣገባብ ክንጥቀምሉም ይከኣል።
- ንሰራሕተኛታትን ኣባላት ቤት ትምህርትን ንካልኦት ተመሃሮን ከኽብሩ ይግባእ።

## ሓላፍነት ቤት ትምህርቲን መምህራንን – Responsabilité de l'école et des enseignants

- መምህራን ንወለዲ ኣብ ቤት ትምህርቲን ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑን ይሕግዝዎም። ከምኡውን ንተማሃራይ የኽብርዎ።
- ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ተማሃራይን ኣብ ምስ መማህርቱ/ታ ተወሃሂዱ/ዳ ንክኸይድ ዓቢ ተራ ይጻወቱ።
- መምህራን ኩሉ ግዜ ንወለዲ ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ምዕባለ ዉላዶም ይሕብሩ። ዕላማ ናይ ትምህርቲ ኣብ ኣኼባታትን ወይ ከኣ ብውልቂ ንወለዲ ይሕብሩ። ንወለዲ ብዛዕባ ውጺኢት ውላዶም ይሕብሩ። ሰርቲፊኬት ናይ ትምህርቲ ንወለዲ ይልእኹ።
- ወለዲ ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወና ቆጸራ ሒዝና ሕቶና ምስ ነቕርብ መምሃራን ድማ ንሕቶና ንኽምልሱ ድሉዋት ይኾኑ።
- መምህራን ስነ ስርዓት ናይ ተማሃሮ ይከታተሉ። ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜውን ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ ስነስርዓት የትሕዝዎም። ሕጊ እንተ ዘይኣኽቢሮምውን መቅጻዕቲ ይብይንሎም።
- ኣብ ግዜ ትምህርቲ ዝኾነ ዓይነት ንጥፈታት ወይውን ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ምስ ዝንቀሳቀሱ ፡መምህራን ምሉእ ሓላፈነት ናይ ተማሃሮ ይወስዱ። ካብዚ ወጻኢ ዝካየድ ምንቅስቃሳት ግን ናይ ወለዲ ሓላፍነት ይኸውን።
ንኣብነት ናብ ሓኪም ምኻድ

## ዕዮ ገዛ – Tâches à domicile

ዕዮ ገዛ ምስራሕ ንሓደ ተማሃራይ ርእሰ ተኣማንነት ንከሕድር ይሕግዞ። በዚ መንገዲ ከኣ ነቲ ዝቀሰምዎ ፍልጠት ኣብ ተግባር ዘውዕልሉ ከምኡውን ርክብን ምትሕብባርን ምስ ስድራቤታት ዝዓብየሉ እዩ። ዕዩ ገዛ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ኮይኑ በይኖም ኮይኖም ድማ ክዓይዎ ይግባእ። ተራ ወለዲ ውላዶም ዕዮገዛኦ ዝሰርሑሉ ባይታ ክፈጥርሉን ፡ ተገዳስነት ክሕድርን ብዘይ መኣረምታ ዕዮገዛኦ ክሰርሕን ይከታተሉ። ሓደ ተማሃራይ ዕዩ ገዛኡ ክሰርሕ ጸገማት ዘጋጥሞ እንተኮይኑ ወለዲ ንመምህር ክሕብሩ ኣለዎም።(ንኣብነት ዝወስደሉ ግዜ፡ ኣብ ብዝሒ ዝወሃቦ ስራሕ፡ ከብደት ናይቲ ዕዮ ክኸውን ይኽእል።

ብትዕዝብቲ ሓላፊ ክፍሊን ዳይርክተርን፡ ድሌታት ተማሃራይ ተራኢዩን ፍሉይ ሓገዝ ክወሃብ ይከኣል።

## ካብ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምልላስ – Déplacements sur le chemin de l'éclole

ብእግሪ ምምልላስ ዝተባባዕ ስጉምቲ እዩ። ድሕነትን ጥዕናን ምንቅስቓሳትን ዓቢ ግምት ክወሃቦም ዘለዎም ነገራት ኢዮም።

ስለዚ ፐድ ቡስ ሓደ ካብቶም ኣገዳሲ ዓይነት መጓዓዝያ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ወለዲ ክካየድ ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ፐድቡስ መደባቶም ባዕሎም የወሃህዱ። ንኣብነት ንከኸዱን ክምለሱን ፡ ከኸዱ ፕራይ ወይ`ውን ሓደ ሓደ መዓልታት ኣብ ሰሙን ክኸውን ይኽእል።

እዚ ዓይነት መጓዓዝያ ፐድቡስ ክትጥቀሙ እንተ ደሊኹም፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣወሃሃዲት መደብ ምውካስ ይከኣል። ኢመይል፡ valais@pedibus.ch

ሓደ ቆልዓ ብብሽኽለታ ጌሩ ክመጽእ እንተደኣ ደልዩ፡ ዕድሚኡ ዘፍቅደሉ ክኸውን ይግባእ። እታ ብሽኽለታውን ምስ ቁመቱ ትኸይድ ክትከውን ኢሉ። [illegible] ኣደ... [illegible] ዝኾነ ነገራትውን ከተማልእ ኣለዋ።

ፍልይ ዝበለ ንጥፈታት ክህሉ ከሎ፡ መምህራን ወይ ወለዲ ብናይ ውልቆም ከጓዓዕዝዎም ይኽእሉ። ከምዚ ንኽገብሩ ግን እቶም ተማሃሮ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ። ኩሉ ሕግታት መጎዓዝያውን ክኽብሩ ይግባእ። ቁጽሪ ተማሃሮ ካብቲ ብሕጊ መጓዓዝያ ዝተፈቐደ ንላዕሊ ክኸውን የብሉን።

ምምሕዳር (ኮምዩን)ቀያዲ ዝኾነ ሕግታት ክሕንጽጹ ይኽእሉ። ነዚ ዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ክህልወና ይግባእ።

## ጥዕና ቤት ትምህርቲ – Santé scolaire

ከምቲ ኩሉ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንበሃሪ፡ ኣቲ ዋንኛ ዕላማ ጥዕና፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምሉእ ሓበሬታ ምሃብ፡ ጹቡቅ ውዳበ ምህላውን ካብ ዝመጽእ ሕማማት ምክልኻልን እዩ።.

ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓደ ህጻን ወይ ከኣ ሓደ በጽሒ ናይ ጥዕና ጸገም ምስ ዘጋጥሞ፡ ነርስ ቤት ትምህርቲ ኣብ መንጎ ቤት ትምህርቲን ወለድን ጽቡቕ ዝምድና ክህሉ ይሰርሕ።

ስድራቤትውን ዝኾነ ሕቶ ወይውን ሓበሬታ ምስ ዘድልዮም ክውከሱ ይኽእሉ።

ምስ ነርስ ቤት ትምህርቲ ክትራኸቡ እንተደሊኹም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ተወከሱ። **www.santescolaire-vs.ch**

## ኣብ ግዜ ግጭት ከንክተሎ ዘለና ኣገባባት – Procédure en cas de litige

- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩነታት ንምይይጥ ቀዳምነት ምሃብ :
- ዝኾነ ጉዳይ ኪጋጥም ከሎ እቲ ቀዳማይ ክንገብሮ ዝግበኣና ንሓላፊ ክፍሊ ምውካስ እዩ። ብድሕሪኡ ከኣ ናብ ርእሰ መምህራን ቀጺልና ከኣ ናብ ተቆጻጻሪ ክንቀርብ ንኽእል።
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝኾነ ዓይነት ጸገማት ምስ ዘጋጥም፡ ንኣብነት፡- ኣብ መንነ ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ መምህርን ወይውን ሳልሳይ ኣካል፡ እዞም ጉዳያት ብዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ይምርመሩ። ብወጽኢቱ እንተ ዘይዓገብና ከኣ ናብ ተቆጻጻሪ ቤት ትምህርቲ ይግባይ ክንብል ንኽእል።

### (DFS) ዴፓርትመንት ስልጠናን ድሕነትን

Service de l'Enseignement, Planta 1, 1951 Sion

027/606.41.00

www.vs.ch/web/se

### (FRAPEV) ፈደረሽን ሮሞ ማሕበር ወለዲ ናይ ተማሃሮ ቫሌ

www.frapev.ch

### SPVal ማሕበር ፔዳጎጂ ቫሌ

www.spval.ch

### (AVECO) ማሕበር መምህራን ሲክል ቫሌ

www.aveco.ch/

**ቤት ትምህርቲ / Ecole**

**…………………………………………………………**

**ሓላፊ ቤት ትምህርቲ**/Direction :

……………………………………………………………………

ተሌፎን : ……………

መምህር: ……………………………………………………

ተሌፍን ……………….....

መምህር ……………………………………………………

ተሌፎን. ………………...

መምህር ……………………………………………………

ተሌፍን. ………………...